ካብ ሽሕ ኣዋርሕ እትበልጽ ለይቲ!

بسم الله والحمد لله والصلاة والسلام على رسول الله وعلى آله وصحبه ومن والاه أما بعد

ዝኸበርኩም ኣሕዋትን ኣሓትን ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ሰዓት ካብ ሰዓታት፡ማዓልቲ ካብ ማዓልታት፡ወርሒ ካብ ኣዋርሕ፡ቦታ ካብ ቦታታት ኣብሊጹ ኢዩ።

ንኣብነት:- ካብ ሰዓታት ; መወዳእታ ሰዓት ናይ ጁምዓት(ካብ ድሕሪ ዓስሪ ክሳብ ጸሓይ ትዓርብ ዘሎ ግዜ) ፡ ካብ መዓልታት ናይ ዓመት; ዓሰርተ ዙል ሒጃ ብፍላይ ድማ መዓልቲ ዓረፋ ፡ካብ ናይ ሰሙን መዓልታት; ጅምዓት፡ካብ ቦታታት; መካ ፡ካብ ኣዋርሕ; ወርሒ ሮሞዳን ከብልጽ እንከሎ፤ካብ ለይትታት ድማ ለይለቱል ቀድሪ ዝበለጸት ለይቲ ጌርዋ።

፨ ለይለቱል ቀድሪ ክብርትን ብልጽትን ብረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ዝተባረኸትን ሓንቲ ለይቲ ካብ ለይትታት ናይ ሮሞዳን እያ።

ገለ ብልጸታት ናይ'ዛ ለይቲ ፦

1)እዛ ለይቲ ዚ'ኣ ንመጀመርያ ግዜ ቁርኣን ብምሉኡ ዝወረደላ ለይቲ እያ።

2)እዛ ለይቲ እዚኣ (ለይለቱል ቀድሪ) ካብ ሽሕ ኣዋርሕ ትበልጽ።

3)ለይለቱል ቀድሪ መላኢካታት ዝወርዱላ ለይቲ እያ፡መላኢካታት ድማ ብኼርን ብበረካን ብ ርህራሄን ናይ ረቢ ሒዞም እዮም ዝወርዱ።

4)ሰላም ዝዓብለላ ለይቲ እያ።

5)ረቢ ሱብሓነሁ ወታዓላ ብዛዕባ ለይለቱል ቀድሪ ዝምልከት ክሳብ የውመል ቂያማ ዝንበብ፡ ሱራ ምልእቲ ኣውሪዱ ኢዩ፡-

قال الله تعالى

[إِنَّا أَنْزَلْنَاهُ فِي لَيْلَةِ الْقَدْرِ(1) وَمَا أَدْرَاكَ مَا لَيْلَةُ الْقَدْرِ(2) لَيْلَةُ الْقَدْرِ خَيْرٌ مِنْ أَلْفِ شَهْرٍ (3) تَنَزَّلُ الْمَلَائِكَةُ وَالرُّوحُ فِيهَا بِإِذْنِ رَبِّهِمْ مِنْ كُلِّ أَمْرٍ(4) سَلَامٌ هِيَ حَتَّى مَطْلَعِ الْفَجْرِ(5)]

፨ ኩቡራት ኣሕዋት ነቢና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምዚ በሉ፤

[((من قام ليلة القدر إيمانا واحتسابا غفر له ما تقدم من ذنبه)) أخرجه البخاري ومسلم)]

وزاد أحمد (وما تأخر).]

ማለት፡- ኣብዛ ለይቲ እዚኣ ሰናይ ተግባር ከም ሰላትን፡ቁርኣን ምቅራእን፡ ዚክርን እናገበረ ዘሕለፉ ፡ ከምኡ ውን በቲ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ቀሪቡዎ ዘሎ ዓስቢ(ኣጅሪ) ነቶም ኣብዛ ለይቲ'ዚኣ ብሰናይ ተግባር (ዓመል ሳልሕ) ዘሕለፉዋ ጥርጥር ዘይብሉ እምነት ዝኣመነ፥

ንረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንሸሕ ኣዋርሕ (ንኣስታት 83 ዓመታት) ከም ዝተገዝአ፡ከምኡ ውን ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ናይ ዝሓለፈን ናይ ዝመጽእ ዘሎ ዘንቡ ከምዝድምስሰሉ ነቢይና መሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ነገሩና። እዚ ድማ ረቢልዓለሚን ሱብሓነሁ ወተዓላ ነዛ ኡማ (ተኸተልቲ ነቢና ሙሓመድ) ዝለገሰላ ዓቢ ልግሲ እዩ፡ኣልሓምዱሊላህ።

፨ ኣብዛ ለይቲ'ዚኣ (ለይለቱ-ል-ቀድር) መላኢካታትን ጂብሪልን ዓለይሂ ኣሰላም ዝወርዱላ ለይቲ እያ፡ስለዚ ክሳብ ዝወግሕ ርግኣትን ሰላምን ዝዓሰላ ለይቲ እያ።

فيا سعادة من وفق لليلة القدر

ويا خسارة من فرط فيها

ክንደይ'ከ ታዓዊቱሉ ነዛ ለይቲ ዝረኸባ!

ክንደይ'ከ ኸሲሩ ነዛ ለይቲ ብሸለልትነት ዘሕለፉ!

፨ ዝኸበርኩም ኣሕዋትን ኣሓትን እዘን ናይ መወዳእታ ዓሰርተ ማዓልታት ናይ ሮሞዳን ካብ፡ ለይቲ ናይ 21 ሮሞዳን(ማለት መበል 20 መዓልቲ ጾይምና ምስ ኣፍጠርና) ኢያ ትጅምር።

፨ ረቢ ሱብሓነሁ ወታዓላ ብርግጽ ካብ ካልኦት ማዓልታት ኣብሊጹወን እዩ፡ ምኽንያቱ፡-

1) ነቢዩና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም - ካብ ከሎም ፍጡራት እቶም ዝበለጹ ሰብ፡እቶም ኣብነትና ዝኾኑ- ነዘን ዓሰርተ ማዓልታት ብዱሙቅ ይቅበሉወን ነበሩ፡ኣዚዮም ድማ ይግደሱለን ነበሩ።ኣበርቲዖም ብዒባዳ ን ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ይግዝኡ ነበሩ።

ዓኢሻ (ረቢ ይፍተወለን) ባዓልቲ ቤቶም ንነቢና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምዚ ዝስዕብ በላ፡-

[((كان رسول الله صلى الله عليه وسلم يجتهد في العشر الأواخر من رمضان ما لا يجتهد في غيرها)) رواه مسلم

وقالت أيضا((كان رسول الله صلى الله عليه وسلم إذا دخل العشر أحيا ليله وأيقظ أهله وشد مئزره)) متفق عليه]

[ማለት ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ'ተን ናይ መወዳእታ ዓስርተ ማዓልታት ናይ ሮሞዳን: ሙሉእ ለይቲ ብዒባዳ የውግሕወን ነበሩ።ንኣንስቶም ካብ ድቃሰን ንክሰግዳን ዒባዳ ንኽገብራን የበራብሩወን ነበሩ። ምስ ኣንስቶም ከኣ ኣይራኸቡን ዝነበሩ (ጅማዕ ይገብሩ ኣይነበሩን)]

2) ነዘን ዓሰርተ ማዓልታት ተብልጾን፡ ለይለቱል ቀድሪ ኣብ ሓንቲ ለይቲ ካብኣተን ምህላዋ እዩ።

፨ ሓደ ሙስሊም ብልጾታት ናይ ለይለቱል ቀድሪ ክሰምዕ እንከሎ: ኩሉ ረቢ ሱብሓነሁ ወታዓላ ዝፈትዎ ስራሕ ክሰርሕን: ካብ ኩሉ ዘምብታት (ንኣሽቱን ዓበይትን)ድማ ክርሕቅ ክጽዕር ይግባእ።

፨ ለይለቱል ቀድሪ ኣበይነይቲ ለይቲ - ካብ ለይትታት ናይ መወዳእታ ዓሰርተ መዓልታት ናይ ሮሞዳን - ኢያ ትርከብ ንዝብል ፡ ዑለማእ ከምዚ ዝስዕብ በሉ፡-

1) ገለ ዑላማእ ኣብተን ንጽል ቁጽሪ ዝኾና (ማለት 21, 23, 25, 27, 29) ናይ መወዳእታ ዓሰርተ ለይትታት ናይ ሮሞዳን ኢያ ይብሉ; መኽንያቱ ነብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምኡ ስለ ዝበሉ፣

(التمسوها في كل وتر) أخرجه البخاري

2) ገለ ዑላማእ ድማ ; ኣብ መበል ዒስራን ሸውዓተን (27) ለይቲ ሮሞዳን እያ ይብሉ፥ መስረጅኦም ድማ;(ኡበይ ኢብኒ ካዕብ ዝተባህሉ ሰሓቢ ረቢ ይፍተወሎም ለይለቱል ቀድሪ ኣብ 27 ለይቲ ሮሞዳን እያ ኢሎም ይምሕሉ ነበሩ)።

ثبت في صحيح مسلم أن ابي بن كعب رضي الله عنه أنه كان يحلف أنها ليلة سبع وعشرين

3) ካልኦት ዑላማእ ድማ ተሰጋጋሪት እያ ይብሉ: ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ለይቲ ናይ ዕለት (21) እንተ ኔራ ንዓመታ ኣብ ለይቲ ናይ (23) ወይ (25) ከምኡ እና በለ ይቅጽል ይኸውን ይብሉ: (እዚ እዩ ኻአ እቲ ቁኑዕ ርኢቶ፥ ከምቲ ሽይኽ ሙሓመድ ኢብን ሳልሕ ኣል- ዑሰይሚን ረቢ ይርሓመሎም ዝበልዎ) ።

፨ ሚስጢር ምሕባእ ድማ ሙስሊሚን ብዘለዎም ዓቅሚ ነዛ ለይቲ ዝተፈላለየ ዒባዳ ብምብዛሕ ከደልዩዋን ዒባዳ ንኸብዙሑን ምእንታን ኢዩ: ከምቲ ኣብ መዓልቲ ጁምዓ ዱዓ ቁቡል ዝኾነላ ግዜ ዝተሓብአት ፥ ከምኡውን እቲ ዝዓበየን ዝኸበረን ሽም ረቢ (اسم الله الأعظم)ንባሮቱ ዘየግሃዶ።

3) ነዘን ዓሰርተ ማዓልታት ዘብልጸን፡ ነቢዩና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኢዕቲካፍ ይገብሩለን ስለ ዝነበሩ እዩ።

ኢዕቲካፍ ማለት ካብ መስጊድ ከይወጸእካ ዒባዳን ዚክሪን ምግባር ማለት እዩ።

[عن ابن عمر رضي الله عنهما قال:(كان رسول الله صلى عليه وسلم يعتكف العشر الأواخر من رمضان)متفق علي

፨ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብዘን ዓሰርተ ለይትታት ናይ ሮሞዳን እዛ ዱዓ ትስዕብ ኣይንረስዕ።

ኣዴና (ኡም ኣል-ሙእሚኒን) ዓኢሻ ረቢ ይፍተወለን ን ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም «ኣብ ለይለቱል-ቀድር እንተ ተሲአ እንታይ ኢለ ዱዓ ክገብር ኢለን ምስ ሓተተኦም ; [ኣላሁማ ኢነካ ዓፉውን ቱሒቡል ዓፍዋ ፋዕፉ ዓኒ] ኢልኪ ዱዓ ግበሪ በልወን፥

عن عائشة أم المؤمنين رضي الله عنها قالت:

يا رسولَ اللَّهِ أرأيتَ إن وافقتُ ليلةَ القدرِ ما أدعوا قالَ: تقولينَ (اللَّهمَّ إنَّكَ عفوٌّ تحبُّ العفوَ فاعفُ عنِّي) .

صححه الألباني في صحيح ابن ماجه: ٣١١٩

ኣልሓምዱ-ሊላህ ረቢ ኣልዓለሚን

رسائل الدار الدعوية

ናይ ዳር ናይ ጻውዒት(ዳዕዋ) መልእኽትታት

٢١ رمضان ١٤٤١